ሕጊ
ንስነትን ዕብየትን
ብሚኒስትሪ ፍትሒ ዝዳሎ ሲቪካዊ ኣስተምህሮ

ገበናዊ ሕጊ ኤርትራ

ሳልሳይ ክፋል

ምርግጋጽ ንጽህና፡

ብመሰረት'ዚ መትከል'ዚ፡ ድንጋጋታት ገበናዊ ሕጊ ኤርትራ ወይ ከኣ ዝኾነ ካልእ ሕጊ ብኣንጻሩ እንተዘይደንጊጎም፡ ዝኾነ ክሰሰ ኣብ መሳርሕ ፍርዲ ንጽህናኡ ዘረጋግጽሉ መርትዖ ከቕርብ ክሕተት ከምዚይግባእ ድንጋጋታት ሕጊ ገበናዊ ስርዓት ኤርትራ የጸድሩ። እዚ መትከል'ዚ፡ ክሰሰ ገበሮ ምኳኑ ከኖ ምኽኑይ ምጥርጣር ሓሊፉ ዘረጋግጽ መርትዖ ናይ ምቕራብ ሓላፍነት ናይ ኣኽበር ሕጊ ምኳኑ የጸድር። እዚ ማለት ከኣ ኣኽበር ሕጊ ክሰ. ቅድሚ ምምስረቱ ኣንጻር ክሰሰ ዝወዕል እኹል መርትዖ ከምዝተኣከበ ናይ ምርግጋጽ ሓላፍነት ኣለዎ ማለት እዩ። ኣኽበር ሕጊ ከኖ ምኽኑይ ምጥርጣር ሓሊፉ ዘረጋግጽ መርትዖ ከይሓዝ ክሰ. ምስከምስርት፡ ክሰሰ ንጹህ ምኳኑ (ገበሮ ዘይምኳኑ) ዘረድእ መርትዖ ምቕራብ ነጥድሎ ንጹህ ተሳሊኡ ብጽ ክሰናበት እዚ መትከል የገድድ። እዚ ማለት ግን ክሰሰ ካብ ገበን ነጻ ንክህሊ ፈጺሙ መርትዖ ናይ ምቕራብ ግዴታ የብሉን ማለት ኣይኮነን። ምኽንያቱ ደኣ ኑ፡ ብኣኽበር ሕጊ ዝቕረብ መርትዖታት ድሕሪ ምምርማር ክሰሰ ንዝቕረበሉ ክሰ. ወዳልዎ ክኸውን ይኽእል እዩ ናብ ዝብል መደምደምታ እንተተዐሊሙ፡ ክሰሰ ንዑኡ ዝድግፍ መርትዖ (መከላኸሊ መርትዖ) ብምቕራብ ክከላኸል ግዴታኡ እዩ። እዚ ኣብዚ ደረጃ'ዚ ብክሰሰ ዝቕርብ መርትዖ ንጽህናኡ ብቁጥጋዊ መገዲ ዘረጋግጽ ክኸውን ወይ'ውን ኑ፡ ብኣኽበር ሕጊ ዝቕረብ መርትዖታት ሕጋውነቱን ተኣማንነቱን ዝብደህ ወይ ኣብ ሕቶ ምልክት ዘውድቕ ሚዛኑ ዘጉድልን እንተኾይኑ'ውን ናጻ ተዛሊሉ ንክልቀቕ ዘኽእል ይኸውን።

1. ***መትከል ማሪጕት ኣብ ቅድሚ ሕጊ፡*** እዚ መትከል'ዚ ኩሉ ሰብ ኣብ ቅድሚ ገበናዊ ሕጊ ማዕረ ምኳኑን ድንጋጋታት ገበናዊ ሕጊ ንኩሉ ሰብ ብምዕረ ተፈጻምነት ከምዝለዎምን እዩ ዘውሕሎ፡ ገበናዊ ሕጊ ኣብ ዓለት፡ መባቀል፡ ቋንቋ፡ ሕብሪ፡ ጾታ፡ ሃይማኖት፡ ሰንጋልና፡ ዕድመ፡ ቁጠባዊ ወይ ማሕበራዊ ጽፍሒ ተመርኲሱ ብኣፈላላይ ዝፍጽም ከምዘይኮነ ከኣ የረጋግጽ።

2. ***መትከል በይናዊ ስልጣን ኣብያተ ፍርዲ ኣብ ምውሳን ገበናዊ ጉዳያት፡*** እዚ መትከል'ዚ ንኣብያተ ፍርዲ ዝምልከት ኮይኑ፡ ዝኾነ ብገበናዊ ሕጊ ብዘቕጽዕ ተግባር ወይ ግድፈት ዝተሰሰሰ ሰብ እንተርፎ ብዛን ብሕጊ ዝቕመ ኣብያተ ፍርዲ ብዘኾነ ካልእ መንግስታዊ ትካል ኮነ ሰብ ከምዝይፍረድ የጸርር። ብዘወሳኽ፡ ዝኾነ ብዘፈጸመ ተግባር ወይ ግድፈት ገበሮ ኮይኑ ዝተረኽበ ሰብ'ውን ካብቲ ኣብ ገበናዊ ሕጊ ዝሰፈረ መቕጸጺ ወጺኡ ብኻልእ መቕጸጺ ከይሳቐ እዚ መትከል ይከላኸሎ። ካብኡ ሓሊፉ'ውን ብኻልእ ሕጊ ብኣንጻሩ ብንጹር እንተዘይተደንጊጉ፡ ብዘይካ ብሕጊ ዝቕመ ኣብያተ ፍርዲ ዝኾነ ካልእ ሰብ ወይ ትካል ዝኢ ኣብ ገበናዊ ሕጊ ኤርትራ ዝተደንገገ መቕጸጺ ኣብ ልዕሊ ዝኾነ ገበሮ ኮይኑ ዝተረኽበ ሰብ ከሰንድድ ኢይክእልን። ስለዚ፡ ብመሰረት'ዚ መትከል'ዚ፡ ገበሮ ኣብ ፍርዲ ኣቕሪቦ ምፍራድን ኣብ ገበናዊ ሕጊ ዝሰፈረ መቕጸጺ ምስባዳድን በይናዊ ስልጣን ኣብያተ ፍርዲ ምኳኑ ንርዳእ። እዚ መትከል'ምባኡር ትካላት ኮነ ወልቀሰባት ከከም ዝደለይዎ ኣብ ልዕሊ ሰባት ገበናዊ ፍርዲ ከዐሕልፉን ዝመሰሉም መቕጸጺ ከዐስንድዱን ይከላኸሎ።

ዓይነታት መቕጸጺ ብመሰረት ገበናዊ ሕጊ ኤርትራ

ስርዓተ-መቕጸጺ ገበናዊ ሕጊ ኤርትራ ን"ግበእ ፍዳ" ከም ቀንዲ ዕላማ መቕጸጺ መሰረት ገይሩ ዝተዳለወ ብምኳኑ ኣብ መንነ ዝተሓተን ዝለዓለን ደረት መቕጸጺ ዘሎ ጋግ ኣዝዩ ጸቢብ ዝኾነ ስርዓተ-መቕጸጺ ኣዋዲዱ ይርከብ፡ እዚ ከኣ ንሓደ ዓይነት ፍጹም ገበን ዝወሰነ መቕጸጺ ዓቢ ጋግ ከምዘይህልዎ ብምግባር መቕጸጺ ርትጽ፡ ሓሳፍ ዘሳፍ ዘወግድን ኣቕዲምካ ክፍለጥ ዝኾነኣልን ንክኸውን ይሕግበ፡ "ተዛደሰ" ከም ቀንዲ ዕላማ መቕጸጺ መሰረት ገይሩ ዝድንግግ ገበናዊ ሕጊ ኣብ መንነ ዝተሓተን ዝለዓለን ደረት መቕጸጺ ገፈሕ ጋግ ከምዝህሉ ኮይኑ ዝዳሎን ዳዮ ንክፍስወፋ ጉዳይ ድሕሪ ምምርማር ግበእ ዝብልዎ መቕጸጺ ክወሰኑ ዕድል ዝህብ ስለዝኾነ ኣብ ሞንነ ተመሳሳልቲ ገበናትን ገበሮታትን ዝተፈላለዩ መቕጸጺታት ንክወሃብ ተኽእሎ ይህሉ። ንመሲጋገሪ ገበናዊ ሕጊ ከም ኣብኡት እንተወሰድና ን"ተዛደሰ" ከም ቀንዲ ዕላማ መቕጸጺ መሰረት ገይሩ ዝተዳለወ ብምኳኑ ኣብ ሓደ ዓንቀጽ ዘዋድዶ ዝተሓተን ዝለዓለን ደረት መቕጸጺ ኣዝዩ ገፈሕ እዩ። እዚ ዝኾነሉ ምኽንያት፡ መቕጸጺ ኣብ ክብደት ዝተፈጸመ ገበን ዘይተሳሰ ኣብ ኩነታት ናይ'ቲ ገበሮ ኮይኑ ዝተረኽበ ሰብን ንምህዳሱ ዘድልዩ መቕጸጺታትን ስነ-ምትታትን ስለዝምርኮሰ እዩ፡ ከምዚ ዓይነት ስርዓተ-መቕጸጺ መጠን መቕጸጺ ኣብ ገለኡ'ውን ዓይነታት መቕጸጺ ኣብ ምውሳን ገፈሕ ስልጣን ስለዝኾፍት ንሓደ ዓይነት ገበናዊ ፍጹም ዝወሰነ መቕጸጺ ዝተፈላለየ ክኸውን ባይታ ይፈጥር። መቕጸጺ ከኣ ሓሳፍ ዘሳፍ ዝመለኡ ዘይርገጽን ኣቕዲምካ ክትምምዖ ዘይክእልን ስለዝኾነ'ውን ተማእከሉት ንሕጊ የጉድል።

ስርዓተ መቕጸጺ ገበናዊ ሕጊ ኣብቲ መሰረት ገይርዎ ዝንደፍ ቀንዲ ዕላማ መቕጸጺ ዝምርኮሰ'ኳ እንተኾኑ ነዞም ካልኦት ዕላማታት መቕጸጺ ግን ኣየጎደፎን ማለት ኣይኮነን። ገበናዊ ሕጊ ኤርትራ ከኣ ዋላ'ኳ "ግበእ ፍዳ" ከም ቀንዲ ዕላማ መሰረት ገይሩ ዝተገድፈ እንተኾኑ ኣዋዲድዎ ዘሎ ስርዓተ መቕጸጺ ነዞም ተዛድሱ ሓፈሻውን ወልቃውን ግትኣትን "ገበን ዝፍጽመሉ ባይታ ምኽላእን" ዝብሉ ዕላማታት መቕጸጺ ዘአንግድ ኣገባባት'ውን ኣለውዎ። ኣብ ገበናዊ ሕጊ ኤርትራ ሰፊርም ዘለዉ ዓይነታት መቕጸጺ ብሓፈሻኡ ገዛዘባዊ መቕጸጺ፡ ማእሰርቲ፡ ኮማዊ ዕጽ፡ ካብ ዝተወሰነ ዓይነታት ስራሕ ምእጋድ፡ ምኽልካል መሳትን ሓሳፋታትን ተግባጽ፡ ቀይድን ምስጋጉ/ምጥራዝ ወጻእተኛታትን ካልኦትን የጠቓልል። ገለ ካብ'ዚም ዓይነት መቕጸጺ ቀንዲ ወይ ከኣ መሰረታውያን መቕጸጺ ክኾኑ እንከለዉ እዮም ግን ከም ተወሰኽቲ መቕጸጺታት ዝወሰዱ ስነ-ምታት እዮም።

1. ናይ ገዛዘባ መቕጸጺ፡ ገበናዊ ሕጊ ኤርትራ ዝድንግጎ ገዛዘባዊ መቕጸጺ እቲ ዝተሓተ ደረት 500.00 (ሓሙሽተ ሚእቲ) ናቕፋ ክኸውን እንከሎ እቲ ዝለዓለ ደረት ከኣ 50,000.00 (ሓምሳ ሽሕ) ናቕፋ እዩ። ዝበዝሑ ካብ'ቶም ገዛዘባዊ መቕጸጺ ዘለዉ ገበናት ብዙሕ ደቂቕ ዝበሉ ገበናት ክኾኑ እንከለዉ፡ መጠን ናይ'ቲ ክወሰን ዝኽእል ገዛዘባዊ ከኣ ከከም ኩብደቶም ከምዘፈላለ ኮይኑ ተደንጊጉ ይርከብ። ገዛዘባዊ መቕጸጺ ከከም ኩነታቱ ኣብ ሓደ ህሞት ወይ ከኣ ተመቓቒሉ ቡዙሕፋል ንክኽፈል ኣብያተ ፍርዲ ክወሰኑ ይኽእሉ። ገበሮ ዝተወሰኖ ገዛዘባዊ መቕጸጺ ቅድሚ ምኽፋሉ ብሞት ምስከፍሉ እቲ መቕጸጺ ናብ ወረሰቱ ከይሓለፈ ከምዝቋርጽ ገበናዊ ሕጊ ኤርትራ የጸርር። ብተወሳኺ፡ ሓደ ገበሮ ዝተወሰኖሉ ገዛዘባዊ መቕጸጺ ክኸፍል ድሉት እንዳሃለዎ ብሰሪ ሕጽረት ዓቕሚ ክኸፍል ከምዝደሓሎ ምስከረጋጽ፡ ተወሲኑ ዝሰረ ገዛዘባዊ መቕጸጺ ናብ መቕጸጺ ኮማዊ ዕጽ ክቐየር ገበናዊ ሕጊ ኤርትራ የፍቅድ። ከምዚ ዓይነት ገበሮ ሕጂ'ዉን ንዝተወሰኖሉ ኮማዊ ዕጽ ክቐየር ብኣኽበር ሕጊ ኤርትራ ይፍጸሙ ከኣ ከከም ኩነታቱ መቕጸጺ ብሰፊል ወይ ሙሉእ ብሙሉእ ክሰረዝ ገበናዊ ሕጊ ኤርትራ ይድንግጎ። ብኣንጻሩ ገዛዘባዊ መቕጸጺ ዝተወሰኖሉ ሰብ ክኸፍል እንዳኽእለ ነኳ ኣሉ ምኽፋል ከምዝኣዘዎ ምስከረጋጽ፡ ወይ ከኣ ተወሲኑሉ ዝሰረ ገዛዘባዊ መቕጸጺ ክኸፍል ከምዝደሓኣል ስለዝተረጋገጸ ናብ መቕጸጺ ኮማዊ ዕጽ ምስተቐየረሉ ነቦጹ እንዳኽእለ ነኳ ኣሉ ከምዝሓንገደ ምስከረጋጽ፡ መቕጸጺ ናብ ማእሰርቲ ክቐየር ገበናዊ ሕጊ ኤርትራ ይድንግጎ። መቕጸጺ ኮማዊ ዕጽ ክብሃል እንከሎ ገበሮ ዝተወሰኖሉ ናይ ገዛዘባ መቕጸጺ ኣብ ዝኾነ መንገዲ ተግባራዊ ክኸውን ከምዝኽእል ገበናዊ ሕጊ ኤርትራ ይድንግጎ። ገዛዘባዊ መቕጸጺ'ምባኡር ኣብ ዝበዝሕ እዋን ገበሮ ንሕብረተሰብ ኣዘዙ ሓደ'ኛ ኣይኮነን ተባሂሉ ስለዝተኣምሉ ዝበዝን ስለዝኾነ ንተዛደሰን ዘይኣኽል ምግባርን ዘገልግል ኣይኮነን። እንታይ ድኣ ንግትኣትን ግበእ ፍዳን ኣብ ግምት ብምእታው ዝበዝን መቕጸጺ እዩ። ገበናዊ ሕጊ ኤርትራ ምስ ገዛዘባዊ መቕጸጺ ኣተኣሳሲሩ ዝርእየም፡ ጉዳይ ካሕሳን ምውራስ መሳርሒ ገበን ወይ ከኣ ፍራ-ገበን ኮይኖም ዝተረኽቡ ንብረትን እዩ። ብመሰረት ገበናዊ ሕጊ ኤርትራ፡ ብፍጹም ገበን ንዋታዊ ኮነ ኣካላዊ ጉድኣት ዝወረዶ ሰብ ኣብ ሲቪላዊ መጋባእያ ሲቪላዊ ክሲ. ክምስርት እንተዘይመረጸ፡ ወይ ከኣ እቲ ገበሮ ኮይኑ ዝተረኽበ ሰብ ኑቲ ግዳይ ፍጹመ ገበን ዝኾነ ሰብ ምስእ ካሕሳ እንተዘይሓሬሉ፡ እቲ ኑቲ ገበናዊ ጉዳይ ዝረአየን ዝወሰነን ቤት ፍርዲ ኑቲ ኣብ ልዕሊ ግዳይ ዝወረደ ንዋታዊ ኮነ ኣካላዊ ጉድኣት ገምጊሙ ንካሕሳ ዝምልከት ውሳነ ከሕልፍ ስልጣኑ እዩ። ብገበናዊ ፍጹመ ንዋታዊ ኮነ ኣካላዊ ጉድኣት ወራዳኒ ዝብል ሰብ እቲ ገበን ፈጺምካ ተዛሊሉ ዝተኾነሰ ሰብ ዋላ ነጻ እንተተባህለ ወይ'ውን ቅድሚ ውሳነ ብሞት እንተተፈልየ፡ ኣብ ሲቪላዊ ቤት ፍርዲ ካሕሳ ናይ ምሕታት መሰሉ ዝተሓለወ ምኳኑ ገበናዊ ሕጊ ኤርትራ የጸርር። ብተወሳኺ፡ ገበናዊ ፍርዲ ዘሕለፈ ቤት ፍርዲ፡ ከም መሳርሒ ናይ'ቲ ኣብ ፍርዲ ዘብጹሕ ገበን ኮይኑ ንዝርከቦ ወይ ከኣ ቀጥታዊ ወይ ብዘዘዋዋሪ ፍራ-ገበን ኮይኑ ንዝርከቦ ንብረት ወይ ገዛዘብ ክሕደግ ወይ ክውረስ ውሳነ ከሕልፍ ከምዝኽእል ገበናዊ ሕጊ ኤርትራ ይድንግጎ። እቲ ገበሮ ኮይኑ ዝተረኽበ ሰብ ወይ ከኣ ሕጋዊ ዋና ናይ'ቲ ንብረት እየ ዝብል ሰብ ብዘዕባ'ቲ ምውራስ ሓበሬታ ክረኽበን ተቓወሞኡ ክሰማዕ ዕድል ክወሃበን ከም ዝኾነ ገበናዊ ሕጊ ኤርትራ ይድንግጎ። እዚ ዝውረስ ገዛዘብ ወይ ንብረት ንመሳቡር ሰድራ ናይ'ቲ ገበሮ ኮይኑ ዝተረኽበ ሰብ ዘይሰገር ኣገዳስነት ከምዝለዎ ቤት ፍርዲ እንተ'ረጋገጸ፡ ወይ ከኣ እዚ ገዛዘብ ወይ ንብረት ብቕኑዕ ልቦና ናብ ዝተዋሰአ ሳልሳይ ኣካል ብዝተፈላለየ መንገዲ ከምዝተሲጋገረ እንተተረጋገጸ፡ ወይ ከኣ እቲ ገዛዘብ ወይ ንብረት ናይ ሓደ ኣብቲ ፍጹመ ገበን ዝኾነ ተኳነፍ ዘይብሉን ንብረቱ ወይ ገዛዘቡ ኣብ ፍጹመ ገበን ከም መሳርሒ ከምዝወዓለ ዘይፈልጥን ሰብ ምኳኑ እንተተረጋገጸ፡ ወርሲ ከይእዘዘ ገበናዊ ሕጊ ኤርትራ ይድንግጎ። ገበናዊ ሕጊ ኤርትራ ንገዛዘባዊ መቕጸጺ ወርሲን ካሕሳን ዘጣምር ድንጋ'ውን ሓቀፉ ይርከቦ። ብመሰረት'ቲ ድንጋጌ ንብረት ወይ ገዛዘብ ናይ'ቲ ገበሮ ንዕሳሉቲኡ (ንገዛዘባዊ መቕጸጺ ወርሲን ካሕሳን) ክኸፍል ዘይእኽል ኮይኑ ምስከርከቡ ብቕዳምት ካሕሳ ንክኽፈል ይእዘዙ።

ይቕጽል